# ጥርጣረ መራሕቲ ሱዳናውያን በጃ ኣብ ልዕሊ መንግኻነት ኤርትራ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## 13.07.2006

መራሕቲ ውድብ “ሙእተመር በጃ” (ጉባኤ በጃ) ኣብ ሱዳን ኣብ’ቲ ብዕለት 17 ሓምለ 2006 ኣብ ኣስመራ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ልዝብ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቲ ግንባር ሱዳንን ኤርትራ ሻራ ዘይብላ መንጎኛ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢያ ኢሎም። ካብ’ዚ ተበጊሶም እቲ ልዝብ ኣብ ኤርትራ ዘይኮነስ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ክኸውን ጠሊቦም። ከምኡ ውን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ነቶም ናይ ውሽጣዊ (ሱዳናውያን) በጃ፡ ኣብ’ቲ መትከላዊ ስምምዕ እተበጽሓሉ ልዝብ ንኽይሳተፉ ዝገብሮ ዕንቅፋት ነቒፎም። ነቲ ኣብ ጉባኤ ተሰነይ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል መንግስቲ ኣስመራ እተኸየደ ኣፈናዊ ርክብ ንዝመጽእ ዘሎ ልዝብ ድማ፡ ናይ ኣኼባታት ትያትር ኢዩ ክብሉ ገሊጾሞ።

ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ሰክረተር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ህግዲፍ ዝሃቦ ኣብ’ቲ ልዝብ ናይ ምብራቕ፡ ናይ ውሽጢ በጃ ክሳተፉ ዘየፍቅድ ቀይሕ ሕንጻጽ ኣሎ ዝብል መግለጺ ብምጥቃስ፤ ዓሊ ሙኒ፡ ኣቦ መንበር “ሙእተመር በጃ “ኤርትራ፡ ኣብ ልዝብ ምብራቕ ሱዳን መንጎኛ ክትከውን ብቕዕቲ ኣይኮነትን” ኢሉ። ኣቡ ፋጥና ኣሕመድ ኦኑር፡ ኣባል መሪሕነት ግንባር ምብራቕ ከኣ፡ ነዚ ኣመልኪቱ፡ “ኤርትራ፡ በቲ ክሳዕ ሕጂ ዝተጓዓዘቶ መንገዲ ከፊላዊ ፍታሕ ደኣ’ምበር፡ ንምሉእ ፍታሕ ናይ ግንባር ምብራቕ ኣይትደልን ኢያ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ግጭት ኣብ ዝደለየቶ እዋን ክትውልዖ መታን ክጥዕማ ኢላ ኢያ። ህዝቢ በጃ ግን፡ ምብራቕ ሱዳን፡ ኤርትራ ንረብሓታታ ክትብል እትጻወተሉ ናይ ተጽዕኖ ወረቐት ክኸውን ቅሩብነት የብሉን” ኢሉ። ኤርትራ ናጻን ሻራ ዘይብላን መንጎኛ ስለዘይኮነት፡ እቲ ልዝብ ኣብ ካልእ ቦታ ክካየድ ድማ ጠሊቡ።

እዚ መግለጺታት’ዚ ኣብ ዝውሃበሉ ዘሎ እዋን፡ ብመንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ሱዳን እተዳለወ ናይ ደቂ ምብራቕ ሱዳን ናይ ምኽሪ ኣኼባ ኣብ ዝካየድሉ ዘሎ እዋን ምዃኑ ውን ዝፍለጥ ኢዩ። ኣብ’ዚ ብዕለት 13 ሓምለ 2006 ዝካየድ ናይ ደቂ ምብራቕ ናይ ምኽሪ ኣኼባ፡ ምኽትል ፕረሲደንት፡ ዓሊ ዑስማን ጣሃ ናይ መኽፈቲ ቃል ክህብ ኢዩ። ኣብ መዕጸዊ ናይ’ቲ ኣኼባ ድማ፡ ፕረሲደንት ሱዳን፡ ዑመር ሓሰን ኣልበሺር ቃል ከስምዕ ምዃኑ፡ ናይ ሱዳን ናይ ዜና ምንጪታት ገሊጸን።